# ...ዘይትነፅፍ ቃላይ!!

## /ብፀጋይ ሓድሽ--መቐለ/ 12-25-17

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ከም ሃገር እንትነውግዕ ካብ ኣንደበት ዕድመ ፀገብን ኣብ መፅሓፍቲ ታሪኽን ዝስዕብ መረዳእታ ንቐስም"...ኣብ ጊዘ ንግስና ጃንሆይ (ሃፀይ ሃይለስላሴ) እቲ ዝብላዕ ኣራንሽ'ያ ናብ'ታ ለምለም ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ሃገር እስራኤል ይመፅእ ነበረ ይበሃል፡፡ ካብ'ታ ኣብ ምድረ በዳ ዝተደኮነት እስራኤልስ ኣብ ጊዜ ጃንሆይ ዝነበሩ ርኹባት ሰባት ኣራንሺ እናምፅኡ ከም ተወሳኺ ምግቢ ይምገቡ ነይሮም፡፡ ብሓቂ ሓጋይ ክረምቲ ሓምለዋይ ሕብሪ ዘይፍለዮ ለምለም ምድረ ኢትዮጵያ ኣራንሺ ከብቁል ስለዘይኽእል ድዩ? ኣብ ምደረ በዳ እስራኤል ዝቦቖለ ኣራንሺ ዝመፅእ ነይሩ? እቲ ኣብ ሰፊሕ ክፋል ሃገርና ዝቦቅል እሞ ይፅናሕ እቲ ብምህዞ ወለድና ተዳቒሉ ዝቦቖለ ኣራንሺ ጉንዳጉንዶ እኳ ምኣኸለ፡፡ እቲ ፀገም ካብ ጉድለት ፀጋ መሬትና ኣይኮነን፡፡ ሓንጎል ስለዘይለምዐ እዩ፡፡ ሓንጎል ንኽለምዕ ድማ ሓንጎል ክለምዕ ተሊሙ ዝሰርሕ ንፁር ፖለቲካዊ መስመርን ነቲ መስመር ናብ ባይታ ዝትርጉም መንግስትን የድሊ፡፡ እዚ ስለዘይነበረ እያ እምበኣር ሃገር መፋጥርቲ ቅድሚ ቀዳሞት ኣናህለወትስ መዋግዕቲ ዳሕረዎት ኮይና ፀኒሓ፡፡

ሰፈር ጥንታዊ ስልጣነ ዝኾነትን ብመንፅር እትውንኖ በዝሕን ስፍሓትን ዘለዎ ሃፍቲ ቱሪዝም "መበቆል ጥንታዊ ስልጣነ The cradle of civilization ዝተብሃለት ትግራይ፣ቅድሚ 30 ዓመታት ኣቢሉ ብቐትሩ ዝፀልመታ ንፈላጢ ውሽጥን ደገን እተሕዝን ነበረት፡፡ በዚ እውን  ነቲ ኣብ 77 ዓ.ም ኣጋጢሙ ዝነበረ ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ፈተና ተዓዚቡ ሓደ ወፃእተኛ ፀሓፊ ዝስዕብ ግጥሚ ከቲቡ ንታሪኽ ኣቐሚጡዎ ይርከብ፡፡

Towards the sunset

They trekked for weeks

They trekked under the sun

They trekked in darkens

Walking towards sunset

Leaving the land of sunrise

Overwhelmed by disease

Tortured by dusty wind

No food to eat

No water to drink

No mountain to see

No trees to cool the heat.

In memory of the displaced tigraians, extracted from”

A year in the death of Africa" Peter Gill

ተጓዒዝና ንሰሙናት

ትሕቲ ፀሓይ ኣብ ፀልማት፣

እንትርፎ ንፋስ ዝሰነዮ ሕማም

ኣይተዓዘብናን ሰውሒ ልማም፣

ዝብላዕ እኽሊ የለ ዝስተ ማይ

ኣቑፅልቲ ሓሪሮም

ኣልቦ መፅለሊ ፀሓይ

ጨካን ወኽቲ እዩ ግናይ

መማሰናይ ቀታላይ፣

( ተዛማዲ ትርጉም እዩ)

ሓሊፉ እንትትዛረቦስ ክቐልል?፡፡ መራሒ ፋሽሽት ስርዓት ደርግ ነበር ኮሎኔል መንግስቱ ሃ/ማርያም ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ብዙሕ ኣባጪዩ እዩ ፡፡ ሓንቲ ካብ ባጫታቱ ክነልዕል “..ትግራይ እታ ድሕርቲ ሽኽሚ ሃገር ኢትዮጵያ ንመዐደጊ ቾክ ዝኾን ግብሪ እኳ ዘይእከበላ..” ኢሉ ምንባሩ ብዘረብኡ ዝደመየ ዕድመ ፀገብ ትግራዋይ ዝዝክሮ እዩ፡፡ እታ ከምዚ ዝኣመሰለ ግፍዒ ዝተዘረበላ ትግራይ ሎሚ ሳላ መስዋእትን ስንክልናን ዓሰርታት ኣሻሓት ደቃ ምስላ ተመሓይሹ እዩ፡፡ እታ “ዋጋ መዐደጊ ቾክ ዝኸውን እቶታ ዘይርከባ ዓዲ” ኢሉ ዝተመደረላ ትግራይ ውፅኢት ቃልሳ ካብ ዝኾና ትካላት ትእምት ንፌደራል ብእትኸፍሎ እቶት ካብ ክልላት ቀዳማይቲ ትስራዕ፡፡ ካብ ማዕኸና ዝወፀ ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንክ ብምቕራብ እውን ከምኡ፡፡ እዚ ብሉፅ ተግባራታ ሕዱር ቂም ዘሕበጦም ፀላእታ ብጩቕ ኢሎም ክዛረብሉ ኣይደልዩን፡፡ የግዳስ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ዝኸውን ኣበራታ ከክንዲ ሓርማዝ እናግዘፉ ሽማ ከፀልሙን ከህስሱ ላሕ እናበሉ ምድሪ ይዓርቦም፡፡

ትግራይ ላዕላን ታሕታን ሃፍቲ እዩ፡፡ ካብተን 24 ብፀጋታት ወርቂ ዝልለያ ወረዳታት፣ ብፍላይ ኣብተን 21 ዓብዪ ሃፍቲ ወርቂ ከምዘሎ ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ትግራይ ብመፅናዕቲ ዝተነፀሩ ሓፂን ተንከፍ ማዕድን፡ ወርቂ፣ ኮፐር፣ ዚንክ፣ ሊድ፣ ሓፂን፣ ኒከል፣ ማዕድናት ኢንዳስትሪ ሲልካሳንድ፣ ግራፋይት፣ ላይምስቶን ፣ ጂፕሰም

ማዕድናት ኮንስትራክሽን፡ እምነበረድ፣ ግራናይት ግሪንስቶንን ዘልምዖም ይደልዩ ፡፡ ሕዚታት ድማ ሳፋየር ዝብሃል ማዕድን ተረኺቡ መዘራረቢ ሃገር ካብ ዝኾን ውዒሉ ሓዲሩ ኣሎ፡፡ ቅድሚ 20 ዓመታት ሕልሚ ዝመስል ዝነበረ ሎሚ ዝድህሰስን ዝዕተርን ኮይኑ ኣሎ፡፡ <u>**ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓማውቲ ዕዕሊ 61 ኩንታል ወርቂ**</u> ናብ ብሄራዊ ባንኪ ኣቐሪባ እያ፡፡ ካብ ክልልና ብባህላዊ መንገዲ ፈርዩ ንዕዳጋ ሃገር ዝቐርብ ዘሎ ወርቂ ብዘበናዊ መልክዑ ምፍራይ እንትጅምር ክንድምንታይ ብበዝሕን ፅሬትን ከምዝፈሪ ካብ ብሕዚኡ ገሚትካ ትዓግብ፡፡

ኣብ ክልልና ሰፊሕ ሃፍቲ እንስሳ ኣሎ፡፡ ነዚ ናብ ረብሓ ንምቕያር ፋብሪካ ቆርበት ሸባ ኣብ ስራሕ ይርከብ፡፡ እዚ ዓውዲ'ዚ ንኻልኦት ተመሳሰልቲ ትካላት ናይ ምፃር ዓቕሚ ከምዘለዎ ዘመላኽቱ መፅናዕትታት ኣለው ፡፡ ነቶም ኣብ ክልልና ዘለው ፋብሪካታት ኣልመዳ ቴክስታይልን ማጋርመንትን፣ ፍርያት ጡጥን ንመዐሸጊ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፕላስቲክን ካርቶንን፣ ምስራሕ ሞልጎም /Button/፣ ዚፕን/Zipper/ ፣ ተለጣጢ ፕላስቲክ /Elastic band/ ዝሕግዝ ዕድል ኣሎ፡፡ ከከምዚታት መፅናዕቲ መሰረት ዝገበሩ ሓቅታት እናልዓልና ብዛዕባ ትግራይ ብዙሕ ምበልና፡፡ ደሓን ንኻልዔት ይኹነልና፡፡ ግዳስ ኣብ ሓደ ዘይድህስሰ ፀጋና ክነትኩር፡፡ ብዛዕባ ስፖርት ኣትሌቲክስ፡፡ ስፖርት ኣትሌቲክስ ሎሚ ንዓለምና እንታይ እዩ? እንታይ ዓይነት ረብሓኸ የርክብ ኣሎ? ዝብሉ ሕቶታት ብዓይኒ ብዝረአይን ብኢድ ብዝድህስስን ኣደጊፍካ ምላሽ ንምቕማጥ ከቢድ ኣይኮነን፡፡ ብፍላይ ብእኒ ኣበበ በቂላ ኣብ መድረኻት ኦሎምፒክ ዓለም ምድማቕ ዝጀመረት ሃገርና፣ሎምታት ኣብ መድረኻት ኣትሌቲክስ ዓለም ዕውታት ብዝኾኑ ደቃ ሃፍቲ ምጥራይ ጀሚራላ፡፡ እቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፊት ንፊት ቤተክርስትያን ቦሌ መድሐኒዓለም ዝርከቡ ዓበይቲ ህንፃታት ብርሃነ ኣደሬ፣ ገ/ሄር ገ/ማርያም፣ ቀነኒሳ በቀለ እናበልኩም ቁፀሩ፡፡ ብመስመር ሚሊኔም ኣዳራሽ ቦሌ፣ኣብ መገናኛ፣ከም እውን ኣብ ከተማ ሃዋሳ ዘሎ ምዕሩግ ሪዞርት ብኣትሌት ሻለቃ ሃይለ ገ/ስላሴ ዝውነን እዩ፣ሆቴል ኣትሌት ጌጤ ዋቢ ኣብ ደብረብርሃን፣ ካልኦት ብስም ኣትሌታት እኒ ጥሩነሽ ዲባባ፣መሰረት ደፋር ዝፍለጡ ምጥቃስ እውን ይከኣል፡፡ እንትድመር ግን ስፖርት ኣትሌቲክስ ክብርን ባንዴራን ሃገር ካብ ምብራኽ ሓሊፉ ሃፍቲ ዝሕፈሰሉ ዓውዲ ምዃኑ እውን ምግንዛቡ ከድሊ እዩ፡፡

ትግራይ ዶግዓ፣ ሓውሲ ዶግዓን ቆላን ኩነታት ኣየር ትውንን፡፡ እዚ ፀጋኣ ድማ ንሰብ እንስሳን ጥዕና ዝምቹ እዩ፡፡ እቲ ቖላ ንሰሊጥስ ምሽልኡስ ሞቻ፣ ገርሁ ዶግዓ ኾነ ሓውሲ ዶግዓ ስገም ሃብካዮ ጣፍ ኣሰሲኑ ይምልሰልካ፡፡ እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ብፍላይ እቲ ዶግዓን ሓውሲ ዶግዓን ኩነታት ኣየር ንስፖርት ኬርና መዋፅኢ፡፡ ንእትሌቲክሱ፣ ንብሽክለትኡ፣ ኩዕስኡስ ካሊኡስ ጥዑም እዩ ኣየር ዶግዓን ሓውሲ ዶግዓን፡፡ ናብ ኣትሌቲክስ ኣፅብብ ኣቢልና ምስ እንርኢ  ካብ ዶግዓ ጉሎመኸዳ ዝቦቐለ ሻምበል ምሩፅ ይፍጠር፣ ካብ ዶግዓ ማይጨው ዝቦቖለ ሓዱሽ ኣበበ፣ ካብ ሓውሲ ዶግዓ ሓውዜን ዝቦቐለ ገ/ሄር ገ/ማርያም፣ ወርቅነሽ ኪዳነ፣ ሓጎስ ገ/ሂወት፣ ለተሰንበት ግደይ፣ ፎትየን ተስፋይንን ካልኦትን ኢንተርናሽናል ኣትሌታት ዝፈረዩላ እያ፡፡ ይኹን እምበር በዚ መዳይ ዘዕግብ ውፅኢት ረኺብና ኢልና ነራጥጠሉ ኣይኮነን፡፡ ግንከ ጀሚርናዮ ኣለና፡፡

ኣብ’ዚ ርእሰ ጉዳይ ኢንተርናሽናል ኣትሌትን ምክትል ፕረሲደንት ኣትሌቲክስ ፈዴሬሽን ኢትዮጵያ ገ/ሄር ገማርያም “...ስፖርት ዓብዪ ሓይሊ ኣለዎ፡፡ ስፖርት ማለት ብንእሽተይ ኢንቨስትመንት ዓብዪ ረብሓ እትረኽበሉ እዩ፡፡ ምሩፅ ናብ መድረኽ ሃገር፣ ኣህጉርን ዓለምን ዝወፅሉ ጊዜ ሓሲብና ናብ ተግባር እንተንኣቱ ዛጊድ ክንደይ ኣትሌታት ኣፍሪና ምሃለና፡፡ ኦሮምያ ኣብ ስፖርት ኣትሌቲክስ ዓብዮ ኣድህቦ ሂቦም ብምስረሖም ዘዕግብ ውፅኢት ይረኽብሉ ኣለዎ፡፡ ሕዚ ድማ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ኣብ ዙሪያ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ ቦታ ስሉልታ ብልዕሊ 720 ሚሊዮን ብር መንደር ኣትሌቲክስ የህንፁ ኣለው፡፡ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድር ተግባር እዩ፡፡ ትግራይ ብፍላይ ዞባ ደቡብ ኮረም፣ ደቡብ ምብራቕ ሃገረሰላም፣ ምብራቕ ዕዳጋ ሓሙስ፣ ኣፅበደራ፣ ምጉላት ኣቀማምጠኦምን ዶግዓ ኣየሮምን ንኣትሌቲክስ ምችው እዩ፡፡ እንተኾነ ክሳብ ሕዚ ዓብዪ ቆላሕታ ሂብና ኣይሰራሕናሉምን፡፡ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኣሎ ሕዚ ንበራበር፡፡ ነዞም ቦታታት ብኣግባቡ ብምልማዕ ኣቢልና እንፈጥሮም ኣትሌታት ባዕላቶም ኢንቨስትመንት ምዃኖም ርዱእ እዩ፡፡...” ይብል፡፡

ኣብ’ዚ ርእሰ ጉዳይ ኣተኲሮም ዝተኸበሩ ሓላፊ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ክልል ትግራይ ኣይተ ጎይትኦም ይብራህ “...ትግራይ ዘለዋ ንስፖርት ዝምቹ ኣየር ናብ ረብሓ ክውዕል ኣብ መፅናዕቲ ዝተደረኸ ምንቅስቓስ ንገብር ኣለና፡፡ ብፍላይ ምስ ኣትሌቲክስ ተኣሳሲሩ ምብራቓዊ ክፉል ኣፅቢ፣ ድቡባዊ ትግራይ ካብ ኣላጀ ሒዙ ክሳብ ኮረም ንማእኸላይን ነዊሕን ውድድራት፣ ከባቢታት ቆላ ትግራይ ድማ ንሓፂር ጉያ ዝውዕለሉ ኣንፈት ነፂርና ንንቀሳቐስ ኣለና፡፡...” ይብሉ፡፡ እምበኣርከስ ንዘረባ ኣይተ ጎይትኦም ይብራህ ናብ ግብሪ ዝልውጥ ህዝባውን መንግስታውን ምንቅስቓስ ተወሊዑ ኣሎ፡፡

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዞባ ደቡብ እትርከብን ካብ ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ሓንቲ ዝኾነት ከተማ ኮረም ካብ ከተማ መቐለ 167፣ ካብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ 620 ኪሎ ሜትር ርሒቓ እትርከብ ጥንታዊት ከተማ እያ፡፡ እዛ ብዙሓት ጀጋኑን ምሁራትን ዝፈረዩላ ከተማ ስፍሓት መሬታ 1381 ሄክታር ኮይኑ፣ ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ኣብ 2400 ብራኸ እትርከብን ሜዳ ኣብ ዝበዝሐሉ ባይታ ዝተጣየሸትን እያ፡፡ ኩነታት ኣየራ ንጥዕና ሰብን እንስሳን ዝሰማማዕ ደጉዓ፣ ኣብ ክረምትን ሓጋይን ክልተ ጊዜ ንምፍራይ ዘኽእላ ዝናብ እትረክብ ዕድልቲ ከተማ እያ፡፡

ብቐላይ ሓሸንገ፣ ብኣግራባት ሕጉምብርዳን ግራካሓሱን ዝማዕረገት ከተማ ኮረም ብሃፍቲ ዓሳ እትፍለጥ፣ ሓፊስ ባህላዊ መስተ ኮረፌ ፀጋኣ፣ ናይ ባዕሉ ምቁር ዝኾነ ላዛ ኣዘራርባ፣ ፍሉይ ባህላዊ ኣከዳድናን ኣመጋግባን ዝልለ ህዝቢ ዝነብረላ፣ ብኸም እኒ ቅርሲ ምፍሳስ ባሕሪ ፣ መንጫዕጫዕታ ሆላ ቀለበት ፣ ጥንታዊት ቤተክርስትያን ሓያሎ ማርያም ፣ ካልኦት ተፈጥሮኣውን ባህላውን ጥንታውን ሓድግታት ቀዳሞት ብዝኣመሰሉ መስሕባት ዝሓቐፈት፣ንንግድን እንቨስትመንትን እትምቹ ከተማ እያ፡፡

**ኣብዛ ንስፖርት ዝምቹ ኩነታት ኣየርን ኣቀማምጣ ተፈጥሮን ዝተዓደለት ከተማ ኮረም ብክሮስ ካንትሪ ኣትሌቲክስ ተወዳዲሮም ኣብ መድረኻት ሃገር ኣህጉርን ዓለምን ካብ ዝተዓወቱ እኒ ኢንተርናሽናል ኣትሌታት ሓጎስ ገ/ሂወት፣ ለተሰንበት ግደይ፣ ፈትየን ተስፋይን ካልኦትን ይጥቀሱ፡፡ ናይ’ዚኦም ኣሰር ስዒቦም ኣብ መድረኻት ክልል፣ ሃገር፣ ኣህጉርን ዓለምን ባዕሎምን ህዝቦምን ሃገሮምን ዘፀውዑ ኣትሌታት ዝወዳደርሉ ደረጅኡ ዝሓለወ ቁጠባ ክልልን ሃገርን ንምዕባይ ዝዓለመ መወዳደሪ ማእኸል ጉያ ሃገር ኣቋራጭ /cross country athletics center/ ክህነፅ እዩ።**




| ዲዛይን ንህንፀት ተዳልዩ ዘሎ መወዳደሪ ማእኸል ጉያ ሃገር አቋራጭ ከተማ ኮረም |
| --- |

እቲ መወዳደሪ ማእኸል ጉያ ሃገር አቋራጭ ደረጅኡ ብዝሓለወ መልክዑ ንምህናፅ ምምሕዳርን ህዝብን ከተማ ኮረም በብጊዚኡ ዝምድብዎ በጀት እኹል ስለዘይኮነን፣ ብጠቕላላ እቲ ፕሮጀክት ዝሓቶ ብር ገዚፍ ብምኳኑ ተሳትፎ ኩሉ አካል ንምርግጋፅ ፌስቲቫል ቴሌቶን ተሰናዲኡ አሎ፡፡

ከምቲ ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ኣዕዋፍ ዝበሃል ስፖርት ብምልማዕ አቢልና ክብሪ ክልሎም፣ ሃገሮምን ኣህጉሮምን ዘፀውዑ መናእሰይ ስፖርተኛታት ብምፍራይ አቢልካ ክታም ኩሉ ፈታዊ ልምዓት ስፖርት ንምንባር ኣብቲ ካብ ጥሪ 13-14 ዝካየድ ፌስቲቫል ቴሌቶን እጃሙ ክበርክት ልምዓታዊ ፃዊዒት ቐሪቡ አሎ። ኣብ'ዚ በዓል ኩሎኹም ተወለድቲ፣ ፈተውቲ ልምዓት፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ክትርከቡ ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ኮረም ልምዓታዊ ፃውዒቱ የቕርብ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣብ'ዛ  ንኢንቨስትመንት ምችውቲ ዝኾነት ከተማ ክትልምዑ እትደልዩ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ምምሕዳር ከተማ ኮረም ከተኣናግደኩም ድልው እየ ይብል፡፡

ብተሳትፎ ህዝብን መንግስትን ኣብ ከተማ ኮረም ክህነፅ ምድላው ዝግበረሉ ዘሎ መወዳደሪ ማእኸል ጉያ ሃገር አቋራጭ ብቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን፣ ፌደሬሽን አትሌቲክስ ትግራይ፣ ፌደሬሽን አትሌቲክስ ኢትዮጵያን ኦሎምፒክ ኢትዮጵያን ተቐባልነት ዝረኸበ እዩ፡፡ ብፍላይ ፈዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ናብ  ከተማ ኮረም ፍሉይ ቦታ ትንብዮ ላዕለዋይ ክኢላ (ዶክተር ይልማ በርታ) ልኢኹ ብዘካየዶ መፅናዕቲ እቲ ቦታ ብዘለዎ ብራኸን ዶግዓ ኣየርን፣ ሰፊሕ ምችው መወዳደሪ ሜዳን ብዝግባእ እንተለሚዑ ኣብ ዝቕፅሉ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ሃገራውን አህጉራውን ሰጊሩ ዓለምለኻዊ ውድድራት ናይ ምትእንጋድ ዓቕሚ ከምዘለዎ ምስክርነቶም ሂቦም እዮም፡፡

እዚ ካሊእ ሽሻይ ትግራይ ዝኾነ ፀጋ ምስ ምልማዕ ተኣሳሲሩ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ሱር ኮንስትራክሽን ኢንጅነር ታደሰ የማነ "...ኣብ ትግራይ ብዙሕ መንእሰይ ኣሎ፡፡ እዚ መንእሰይ መዘውተሪ ቦታታት ስፖርት ረኺቡ ተወዳዳሪ ብምዃን ካብ ባዕሉ ሓሊፉ ስድርኡን ህዝቡን ዝጠቕመሉ ባይታ ኣብ ምምችቻው ብዝተፀንዐ መንገዲ ምንቅስቓስ የድሊ፡፡ ብመንፅር እዚ ህዝብን ምምሕዳርን ኦፍላ ኮረም ዝጀመርዎ ምንቅስቓስ ዝድገፍን ሓገዝ ኩሉ ዘድልዮን እዩ" ኢሎም፡፡

እሞ ትግራይ ዘይትነፅፍ ቀላይ እዚ ተወሳኺ ፀጋኣ ፀንቂቓ ናብ ረብሓ ብምልዋጥ ደቃ ኣብ ሃገር፣ኣህጉርን ዓለምን በረኾም ክረአዩ ትኽስ ክትብል የብላን፡፡

****